


# Orientation to Ontario

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

## ባህልን መንፈሳውነትን

**ትፈልጥ ኔርካ ዶ?**

ኦንታርዮ እቲ ዝለዓለ ብዝሒ ናይ ባህልታት ዘለዋ ዞባ ናይ ካናዳ እያ። ፍርቂ ካብ ሓደስቲ መጻእተኛ ናይ ካናዳ እውን ኣብ ኦንታርዮ እዮም ዝቕመጡ። ኣብኣ ልዕሊ 100 ቋንቋታት ይዝረቡ።

ኣብኡ ብዙሕነት ከተስተማቕረሉን ውርሻኻ ክትጽምብለሉን ዘኽእል ብዙሓት መንገድታት'ዮም ዘለዉ።

### መራኸቢ ብዙሃን

The Canadian Broadcasting Corporation (CBC (ኮርፐረሽን ፈነወ ካናዳ)): ብህዝቢ ዝምወል ሃገራዊ ፈነወ እዩ። CBC ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ዜናዊ ሽፈነ ዘቕርብን ኣብ ቴለቪዥን፡ ሬድዮን ኦንላይንን ድማ ባህላዊ ፕሮግራማት ይፍኑ። ብዛዕባ'ዚ ዝያዳ ንኽትፈልጥ ኣብ cbc.ca ጠውቕ።

ኣብ ካናዳ፡ ብዙሓት ሕብረ-ብሄራውያን ጋዜጣታት ይሕተማ። The National Ethnic Press and Media Council (ሃገራዊ ብሄራዊ ቤት ምኽሪ ፕረስን መራኸቢ ብዙሃንን)፡ ኣብ ናቶም ወብሳይት nationalethnicpress.com ናይ ዝሕተማ ዝርዝር ይቕርብ።

ብዙሓት መደበራት ተሌፍዥንን ሬድዮን፡ ብብዙሓት ቋንቋታት ይፍንዋ። OMNI TV፡ ብዝሐ-ባህላዊ ኔትዎርክ ኮይኑ፡ ብማንደሪን፡ ብካንቶነስ፡ ብጥልያን፡ ብፑንጃቢን ብኻልኦት ቋንቋታት ደቡብ ኤስያን ዝፍኖ ፕሮግራም ኣለዎ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ omnitv.ca ተወከስ።

### መግቢ

ካብ መላእ ዓለም ፈርዮም ዝቕረብሉ ናይ ባህሊ ዕዳጋታትን ኣገድስቲ ፍርያት ዝሸጣ ዓበይቲ ስፑርማርኬታትን ኣለዋ። ብዛዓብ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ዕዳጋታትን ቤት መግብን እትመሃረሉ እቲ ዝበለጸ መንገዲ፡ "ብቓል ኣፍ" እዩ እም፡ ነቶም ኣብ ማሕበረሰብካ ዘለዉ፡ ነቶም ኣብ'ቲ እተምልኽሉ ቦታ ዝርከቡንተዛረቦም፣ ከምኡ'ውን ብኦንላይን ፈትሽ።

- ኵለን ዓበይቲ ሱፐርማርኬታት፡ ብኣህጉራዊ ኣከሻሽና ቅቡል ዝኾኑ ብዙሓት መግብታት እየን ሒዘን ዝርከባ። ገለ ሱፐርማርኬታት ነቶም ኣህጉራውያን መቃምምቲ ናይ መግቢ ዝኸውን ካብ 1-2 መተሓላለፊ ኮሪዶራት ኣለወን።
- ዝርዝር ናይ ዓሌት መኻዚኖ ክትረክብ ኣብ'ዚ yellowpages.ca ብጻሕ።
- ናብ ናይ ዓሌት መኻዚኖ ግሮሶሪን ቤት መግብን ዝመርሓካ ፕሮግራማት ወይ ኣፕስ ተዳልዩ ኣሎ። ነዚኣቶም ክትረኽቦም፡ ኣብ ናትካ መደረኽ ተሞርኩስካ፡ ናብ'ቲ ትኽክለኛ መኻዚኖ Appsኪድ።
- ገምጋም ቤት መግቢ ዝገብራ ዌፕሳይታት፡ ብዓይነት ኣከሻሽናኡ ተወዲቡ ዝተዘርዘረ፡ ከም በላዕቲ ኣሕምልቲ ጸንቢርካ ይገብራ እየን።
- ናይ ሓረስቶት ዕዳጋታት፡ ንሽያጥ፡ ዓመት ምሉእ፡ ነቲ ዝፈረየን ካልእ ፍርያትን ክሽጡ ይፈቕደሎም። እዞም ዕዳጋታት እዚኣቶም፡ ኣብ ህንጻታት፡ መጻግዒ መኻይን ወይ ኣብ ዝተወሰነ መዓልታት ዝጽግዓሉ ዝተታሕዙ እዮም። ኣብ ከባቢኻ፡ በዚ ዝስዕብ ጌርካ farmersmarketsontario.com ዕዳጋት ክትረከብ ትኽእል
- ወቕታውያምን መግብታት - ፍሩታታትን ኣሕምልትን ኣበየናይ ወቕቲ'ዮም ዝርከብ ብዓሚቑ ክትመሃር፡ ኣብ Ontario Foodland (ኦንታርዮ ናይ መግቢ መሬት) ontario.ca/foodland ክትበጽሕ ትኽእል ኢኻ።

### ፌስቲቫላትን ባህላዊ ማእከላትን

ኣብ መላእ እታ ዞባ፡ ኣብ ዓበይትን ናእሽቱን ማሕበረኮማት፡ ብዙሓት ኣብያተ-መዘክር፡ ቲያትራት ወይ መካነ-ተዋስኦን ባህላዊ ማእከላትን ኣለዉ።

- Museums (ኣብያተ-መዘክር)፡ ዝርዝር ኣስማት ኣብያተ-መዘክር ንምርካብ፡ ኣብ'ዚ መርበብ museumsontario.org ብጻሕ።



Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada
Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

- Film (ፊልም)፡ ኣብ'ቲ ናትካ ማሕበረኮም፡ ናይ ፊልም ፌስቲቫል እንተደሊኻ፡ ኣብ ቀጥታ መስመር ወይ ኣብ ናይ ከባቢኻ ዘሎ ጋዜጣ ፈትሽ።
- Theatre (ቲያትር)፡ ኣብ ማሕበረኮምካ ንዘሎ ዝርዝር ንምፍላጥ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ Theatre Ontario (ቲያትር ኦንታርዮ) theatreontario.org ብጻሕ።
- Art (ስነ-ጥበብ)፡ ንዝርዝር ማእከላት/ስእሊ ዝረኣየሉ ኣዳራሻት (galleries)፡ ኣብ ቀጥታ መስመር ሓንቲ ንማሕበረኮምካ ፈትሽ።
- Music and Dance (ሙዚቃን ሳዕስዒትን)፡ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ፍጻሜ ንኽትፈልጥ፡ ኣብ ቀጥታ መስመር ወይ ኣብ ጋዜጣታት ፈትሽ።
- Canada Day (መዓልቲ ካናዳ)፡ ብዕለት 1 ሓምለ፡ ኣብ መላእ ኦንታርዮ በዓላት ይካየድ እዩ።
- Aboriginal (ናይ ኣቦርጂናል) ፍጻመታት፡ ኣብ Ontario (ኦንታርዮ) ዘለዉ ዝርዝር ፍጻመታት National Aboriginal Day (ሃገራዊ መዓልቲ ኣቦርጂናል) ክትርኢ እንተደሊኻ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ Ministry of Indigenous and Northern Affairs Canada (ሚኒስትሪ ደቀባትን ጉዳያት ሰሜን ካናዳን) aadnc-aandc.gc.ca ብጻሕ።
- Francophone festivals (ፌስቲቫላት ተዛረብቲ ቋንቋ ፈረንሳ)፡ ንዝርዝር ፌስቲቫላትን ካልኦት ፍጻሜታትን፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ voyagesontario.com ብጻሕ።

ንብዙሓት ተወሰኽቲ ፍጻሜታት፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ festivalsandeventsOntario.ca ወይ summerfunguide.ca ብጻሕ።

ብዛዕባ፡ ኣብ ማሕበረኮምካ ዝካየዱ ፌስቲቫላትን ባህላዊ ፍጻሜታትን ንኽትመሃር፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ontariotravel.net/en/home ብጻሕ።

ባህላውን ብዝሐ-ባህላውን ፌስቲቫላት፡ ንስነ-ጥበብ፡ ፊልምን መግቢን ሙዚቃን ሓዊስካ ምሉእ ዓመት እዮም ዝካየዱ። ማእከላት ማሕበረኮማትን ኣብያተ ንባብን፡ ዝበዝሕ ግዜ ብዛዕባ'ቲ ናይ ከባቢ ፌስቲቫላት ሓበሬታ ኣለወን። ናይ ከባብን መራኸቢ ብዙሃን ዓሌታዊ ባህልን፡ ንባህላዊ ፍጻሜታት የተባብዕዎ እዮም። ገለ ኣብነታት ናይ ፌስቲቫላት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፡

ካራቢያናዊ፡ በዓል ባህልታት ካራቢያናውያን እዩ - caribanatoronto.com

DesiFest (በዓል ደሲ)፡ ፌስቲቫል ሙዚቃ South Asian (ደቡብ ኤስያ) http://desifest.ca

The International Dragon Boat Race Festival in Toronto (ዓለምለኻዊ ፌስቲቫል ቅድድም ብጃልባ ድራጎን ኣብ ኦንታርዮ) http://dragonboats.com

Winterlude in Ottawa (ዊንተርሉድ ኣብ ኦታዎ)፡, canada.pch.gc.ca/eng/1416239267950

Oktoberfest in Kitchener (ኦክቶበርፌስት ኣብ ኪችነር)፡ oktoberfest.ca

Ontario Pride (ትዕቢት ወይ ሓበን ኦንታርዮ)፡ ontariotravel.net/en/play/lgbt/pride

Toronto African Film & Music Festival (ኣፍሪቃዊ ፊልምን ፌስቲቫል ሙዚቃን ቶሮንቶ)፡ torontoafricanfilmmusicfest.com

Fiesta London Mexican Festival (ኣብ ከተማ ለንደን ዝካየድ ፌስታ ለንደን ፌስቲቫል ሜክሲኮኣውያን)፡ fiestalondon.ca

Latin Arts Festival in Toronto (ፌስቲቫል ጥበባት ላቲን ኣብ ቶሮንቶ)፡ ontariolatinartsfestival.ca

Brantford International Villages Cultural Festival (ባህላዊ ፌስቲቫል ዓለምለኻዊ ዓዲታት ብራንድፎርድ)፡ brantfordvillages.ca

Belleville Waterfront and Ethnic Festival (በለቪለ ዋተርፍሮንትን ናይ ዓሌት ፌስቲቫልን)፡ bellevillewaterfrontfestival.com

### መንፈሳውነት

ኦንታርዮ ዓለማዊት ማሕበረሰብ እያ። እንተኾነ፡ ኣብኣ ዝርከቡ ህዝብታት ናይ ኩሉ እምነታት፡ ከም ዝመረጽዎ ከምልኹ ናጻ እዮም። ኣብ'ቲ ናይ ከባቢ መሐበሪ ናይ ቴለፎናት ወይ ኣብ ቀጥታ መስመር ፈቲሽካ፡ ኣብያተ ክርስትያናት፡ መሳጊዳት፡ ኣብያተ-ጸሎትን ኣብያተ-መቕደሳትን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

- Mosques and Islamic Centres (መሳጊድን ማእከላት ምስልምናን) http://muslimcanada.org
- Synagogues (ኣብያተ-ጸሎት) - cjccc.ca ወይ ኣብ ፋይንድ ሊንክ findlink.at/syndir
- Hindu Temples (ኣብያተ-መቕደስ ህንዱ) - shaivam.org
- Sikh Temples (ኣብያተ-መቕደስ ሲኽ) - worldgurudwara.com ወይ ኣብ ፋይንድ ሊንክ findlink.at/stemples
- Buddhist Centres (ማእከላት ብድሂስት) - buddhist.ca ወይ ኣብ ፋይንድ ሊንክ findlink.at/bcentr
- Anglican Churches (ኣብያተ-ክርስትያናት ኣንግሊካን) - anglican.ca
- Roman Catholic Churches (ኣብያተ-ክርስትያናት ሮማዊት ካቶሊካዊት) - catholiclinks.org
- United Church of Canada (ሕብረት ቤተ-ክርስትያን ካናዳ http://locator.united-church.ca
- Baptist Churches in Canada (ኣብያተ-ክርስትያን ባፕቲስት ኣብ ካናዳ) – http://baptist.ca